# ጃንዳ ህግደፍ ብዝግደደ መልክዑ ንጥፍኣት ኤርትራን ሕዝባን ይህንደድ ኣሎ!!!

ክቡራትን ኤርትራውያን ዜጋታት፡ ኣብ ውሽጥን ወጻእን እትርከቡ ፤ ኣብ ዝሐለፈ ቀሩብ እዋናት፤ ብሓደ ኣባል ምኽልኻል ሓይልታት ኤርትራ መግለጺ ህሉው ኵነታት ሕዝብናን ሀገርናን ተቓሊሑ ከም ዝነበረ፤ጌና ቀለሙ ዘይሃሰሰ ኩነት ኢዩ።

ወፍሪ ስግረ ዶብ ሶማል ልዕሊ 3000 ሽሕ ዝኮኑ ዜጋታትና ንሓገዝ እስላማዊ ግንባር ሶማል ተላኢኾም ከም ዘለዉ፤ ብገለ ብጾት ተገሊጹ ነይሩ።ነቶም ኣቀዲሞም ዝተላእኹ ሰራዊት ዕጥቂ ዝኸውን በብዓይነቱ ኖቶግትን፡ ከቢድን ፈኵስን ዘመናዊ ኣጽዋርን (27 ዕስራን ሾውዓተን ኣባላት ሰራዊት) ዝሐዛ ክልተ ማእከሎት መራኽብ ፡ ካብ መደበር ወደባት በይሉልን ዓሰብን ተበጊሰን ንመሽመጥ ዓደን ሐሊፈን፡ ኣብ ህንዳዊ ውቅያኖስ ንሶማል ኣብ ዘምርሓሉ እዋን፤ ካብዚ ወሽመጥዚ ወጺኤን ኣንፈተን ንሶማል (ሞቃዲሾ) ምስ ሓዛ፡ በዚ መጸ ብዘይብሃል ተወንጫፊ ሮከት ተወቂዔን ክሰጥማ እንከለዋ፤ እቶም ሒዞሙወን ዝጉዓዙ ዝነበሩ ኤርትራውያን ኩሎም ግዳያት ናይቲ ታፋፊ ኩነታት ናይቲ ዞባ ኮይኖም ኣለዉ፡ እቲ ዘሕዝን ናይዚ ተካል ስጉምቲ ግዳይ ብምዃን ሕይወቶም ኣብዚ ጠፊኡ ኣብ ዘይብሃለሉ ጥሒሎም ሞይቶም ኣለዉ፡፡

እዞም ንጹሃት ኤርትራውያን ዜጋታት እዚአቶም፤ኣብ ክንዲ ስራሕን ትምህርትን መጻኢ ዕድሎም ኣብ ቅድሚኦም እንከሎ፡ ኣብ ናይ ሸቅጥ ብረትን እኽልን ዝተዋፈረ ናይ ፖለቲኻ ዓጣሪ ዝኾነ ጃንዳ ህግደፍ የገልግሉን ይጠፍኡን፤ ኣብ ክንዲ ነጻነት ኤርትራ ዘስተማቕሩ ዝኮርዑን፤ ብጸበባን ጸገምን፤ ብመከራን ስቓይን ዕ ድሜኦም ክሓልፍ ይርኤ። እዞም ሕድሪ ሀገሮም ተቀቢሎም ክሃንጽዋን ክከላኸሉላን ከማዕብልዋን ዝነበሮም መንእሰያት፡ ብተንኰል ናይ ጃንዳ ህግደፍ ክርመሱ ክትርኢ ክንደይ የሕዝን።

እዞም ሕድሪ ሀገሮም ዝኾኑ፡ ካብ 1994 ብቀይሕ ባሕሪ ክሰግሩ ጀሚሮም ተቃውሞኦም እናአርአዩ ቀለብ ዓሳ ቀይሕ ባሕሪ ካብ ምዃን ኣይዓረፉን ዘለዉ። እዚ ከይኣክል ካብ 2001 ጀሚሮም ድማ ነጻምእን ዘንድድ ሑጻን ናይ ምድረ በዳ ሰሃራ ጐላጉል ብእግርን መካይን ክሰግሩ ኣብ ሞንጎ ተሰኒፎም ሕይወቶም ኣሕሊፎም፡ ሬስኦም ንቡር ቀብሪ ጨኒቑዋ ቀለብ ኣሞራታት ምድራበዳ ሰሃራ ዝኾኑኸ ክንደይ ኢዮም?? እቶም ነዚ ኩሉ ሰጊሮም፡ ብወተህደራትን ጨቋኒ ሥርዓት መዓማር ኣልቃዛፍን ኣብ ሊብያን ብጉቦን ዉዲትን ንኤውሮፓ፡ ክሰግሩ ኣብ ማእከላይ ባሕሪ ቀለብ ዓሳታት ዝኾኑ ኤርትራውያንከ እንደይ ኢዮም?? ሕጂ ከአ ደምና ዘይጠዓመ ህንዳዊ ውቅያኖስ እንሆ ብ2006 ጀሚሩና ይርከብ።

ህንጻዊ ውቅያኖስ ብሬሳታትና ክመልእ፡ ኣታ! ኣየሕዝነኩምን ድዩ እዚ ሕዝቢ? እንታይ ዓይነት ፍጥረት ኢኩም እዞም መራሕቲ ናይ ተቓወምቲ ዘይትሓብሩ?? ዘይትላዘቡ? ኣብ ምቹእ ቦታ እንዲኹም ዘለኹም? መጻወቲ ኦኣልም ዲና ክትገብሩና?

ነዚ ጋኒን ዝኾነ መራሕ ጀንዳን ተከተልቱን ሓቢርና ኽንምክቶም፡ ውዓል ሕደር ዘይብሉ፤ ዝሓለፈ ሓሊፉ ኢዩ፡ ንዝመጽእ፡ ብተስፋን ትጽቢትን ብሓድነትን ንክብሪ ሕዝብናን ንሃገርናን ጠጠው ኢልና፡ ብጽንዓት ንክንቃለስ ንጽዋዕ ኣሎና።

ንሕና ምኽልኻል ሓይልታት ኤርትራ ንበይንና እንገብሮ ስለ ዘይብልና ንሰፊሕ ሕዝቢ ኤርትራ ካብ ዘሎና ናይ ጸልማትን ደልሀመትን ዘበን ኣውጺእና ብርሃን ን ሓርነትን ኽነልብሶ ናህና፡ ናይ ህሉዋት ሓላፍነትን ጻዕርን ተሓባቢርካ ናይ ምስራሕ ድአ እምበር፤ እዚ ዕማምዚ ነቶም ነጻነት ዘጓናጸፉናኣወንዚፍና ንዝተገብረ ፍጻሜታት እናኣልዓልና ምቕዛም ምሕማይን ኣየዋጽአንን ኢዩ። ስዉአትና ግብኦም ብዓወት ዛዚሞሞ ኢዮም። ክብርን ምስጋናን ድማ ንኣኣቶም። ነቲ ሕድሮኦምን ትምኒቶምን ድማ፡ ሎሚ ግብራዊ ክንገብሮ ናይ ኩላትና ትጻዕርን ሓድነትን ይሕተት ኣሎ። ጭርሖና ድማ ሎሚ ኣንጻር "ጀንዳ ህግደፍ ዘይመከተ ብደዉ ከም ዝሞተ"!! ንብል ኣሎና።

ኦ ክቡራትን ክቡራንን ኤርትራዊያን ዜጋታት፡ ኣብ ውሽጥን ኣብ ወጻእን ሀገራት እትርከቡ፤ነዚ ብሕይወት ኤርትራውያን ዜጋታት ዘይግድሶ እሞ ከዓ ኣብ ናይ ጐረባብቲ ሀገራትን ዘሎ ናይ ፖለቲካ ቅልውላው ኢድ ኣእቲካ ኣብ መድረክ ኣለኹ ንምባል ዝጣላዕ ዘሎ ጀንዳ፡ ሓንሳብን ንሓዋሩን ኣብ ናይ ታሪኽ ጉሓፍ ንክነእትዎ፡ ንሕዝብናን ሀገርናን ራህዋን ሰላምን፡ ስኒትን ፍቕርን፡ ትምህርትን ምዕብልናን መሰልን ሓርነትን፡ ምስ ምሉእ ብርሃኑ ሒዝና ክንእቱ፤ ምስ ጐረባብቲ ብምክብባርን ምክእኣልን ብሰላም ንክንነብር፡ ሎሚ መድረክ ይጽዋዓና ኣሎ!!!!

ክብርን ዝኽርን ንሰማእታት!!!!!!!

<u>ብኣባል ምክልኻል ሓይልታት ኤርትራ</u>